# ሰራዊት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ወለዲ ዝፍጽም ዘሎ ግፍዕታት ክቃወም ጀሚሩ

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
28.04.2006

ኣባላት መበል 28 ክፍለ-ሰራዊት ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ መፋርቕ ወርሒ ሚያዝያ 2006፡ ኣብ ከባቢ መንደፈራ ዓቢዱ ዓዲ ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣካይዶም ምንባሮም ካብ'ቲ ቦታ'ቲ ዝሃደሙ ኣባላት'ቲ ሰራዊት ኣረጋጊጾም። ኣባላት'ቲ ክፍለ-ሰራዊት ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ፡ ሓደ ወተሃደር ሃዲሙ ኢልካ ንወለዱ ምቕጻዕ ቅኑዕ ኣይኮነን ዝብል ተቓውሞኦም ብትሪ ኣስሚዖም። ሓደ ኤርትራዊ ኣብ ሰራዊት እንተደኣ ተሰሊፉ፡ ድሕሪኡ ብጉዳዩ ዝሕተት መንግስቲ ደኣ'ምበር ወለዱ ወይ ኣዝማዱ ኣይኮኑን ዝብል ድምጺ ኣቃሊሖም።

ኣብ ልዕሊ ወለዲ ካብ ሰራዊት ዝሃደሙ ወተሃደራት ዝፍጸም ዘሎ ናይ 50,000 ናቕፋ መቕጻዕትን ብህድማ ኣሳቢብካ መሬት ምምንዛዕን ረዲኤት ምኽልካልን ዝኣመሰለ ስጉምታት፡ ግጉይን ክእረም ዘለዎ ጉዳይ ምዃኑን ኣጥቢቖም ኣመልኪቶም።

በዚ ዝሰንበዱ መራሕቲ እታ ክፍለ-ሰራዊት መራሕቲ ናይ'ቲ ተቓውሞ ዝበልዎ 14 ወተሃደራት ከምዝኣሰሩ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።